# "ብሓደ መስከረም 1961 ፡ ሰውራና ኣዊጁ ጸላኢ ክህረም..."

ንኽብርን ዝኽርን መበል 54 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ግርማይ በርሀ (ሽካነ) መስከረም 2015

*ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣብ መንነ ገዛእቲ ክንገዝእ ኢና ክብሉን ተገዛእቲ ከኣ ኣይንግዛእን ፡ ኣሜን ኢልና ኣይንሰግድን ፡ እምቢ ብምባል ክቃወሙን ብዝማዕበለ ናይ ክልተ ኣካላት ጎንጺ ዝተጋህደ ተርእዮ እዩ ። ገዛእቲ ሓይልታት ፡ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ እምቢይታ ንምዕጋት "እንቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው" ብምባል ፡ መሰለይ ንዝበለ ህዝቢ ብምቕንጻል እንዳኣግደሉ ንክገዝኡ ክሓልሙ ከሎዉ ፡ እቲ ናይ ሓፋሽ ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ "በሎ በሎ ነቲ ሰላም ዘይደሊ ወራሪ ሰራዊት በሎ ..." ብምባል ነቲ ቃልሱ ክሳብ ዓወት ክቕጽሎ ወሰነ ።*

ሰላምን ፍትሕን መሰረት ናይ ኩሉ ምዕባለን ቅሳነትን ስለዝኾነ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሰላምን ፍትሕን ብዝለዓለ ደረጃ ዝተቓለሰን ሕጂ'ውን ዝቃለስ ዘሎን ህዝቢ እዩ ። ህዝብና ንመግዛእታዊ ባርነት ኮነ ካልእ ኩሉ ዓይነት ወጽዓታት ኣሜን ኢሉ ሰጊዱ ዘይከይድ ፡ ብጻዕሩ ሰሪሑ ክነብር ዝደሊ ፡ ብውሽጣዊ ዓቕምታቱን ኩነታት ብዘፍቅዶን ንቀጻሊ ለውጥን ግስጋሰን ዝቕበል ፡ ብሕጊ ክመሓደር (ሕጊ እንዳባን ካልኦት ኣገባባትን) ዝጸንሐን ሕጂ'ውን ዝደልን ... ከምም኿ኑ መጠን ፡ ብዅሎም ዘይፍትሓውያን ሓይልታትን ብሕጊ ተቀይዶም ክኸዱ ዘይደልዩ ኣካላትን ዝፍቶን ዝናኣድን ኣይኮነን ። ምኽንያቱ ገለ ታሪኻዊ ጅግንነቱ ኣንጻር እዞም ዓመጸኛታት ብዘካየዱ ቃልሲ ስለዝግለጽ ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ህዝብና ፡ ናይዞም ዓመጸኛታት ተጻብኦታት ተፈልዩዎ ኣይፈልጥን እዩ ።

ህዝቢ ኤርትራ ነቶም ሰላም ዝኸልእዎ ወረርቲ ሓይልታት ከይተረፈ ፡ ብመጀመርያ ብሰላማዊ መንገዲ ተቓሊሱን፡ ሰላም ንምስፋን ክብል ሓያል ዋጋ ከፊሉን እዩ ። ኤርትራውያን ሓርበኛታት ግን ካብ መሪር ተሞኩሮኦም ባህርያት ጸላእቶም ንምልላይ ኣይሸገሮምን ። ሓርበኛታት ፡ ገዛእቲ ብጅካ ብሓይሊ

ብረት ብኻልእ ፡ ድምጺ ህዝቢ ክሰምዑን ሃገር ክለቁን ከምዘይክእሉ ኣይስሓትዎን ። ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮኦምን ተሞኩሮታት ህዝብታት ዓለም'ውን ንኽማሃሩ ኣይሸገሮምን ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኤርትራውያን ፡ ንሃገራዊ ናጽነት ብረት ክልዕሉ ተገደዱ ፡ እቶም ብሰላም ዘይሰምዑ ገዛእቲ ብብረት ክስምዕዎም ወሲኖም ተላዕሉ ። ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጀመረሉ መዓልቲ ከኣ ባሕቲ መስከረም 1961 ከምዝኾነ ኣወጁ ።

ኤርትራውያን ሓርበኛታት ፡ ካብ ውልቃዊ ናብሮኦም ናይ ህዝቦምን ናይ ሃገሮምን ረብሓታት ቀዳምነት ሂቦም ፡ ብቑጽሮም ኣዝዮም ውሑዳት፡ ብዕላማ ግን ኣዝዩ ሰፊሕ (ህዝባዊ ሃገራዊ ዕላማ) ሒዞም ፡ ነቲ ዝነበረ መድረኽ ክምክቱ ዘኽእሉ ፡ ኣብ ናይ ደባይ ኲናት መሰረት ዝገበረ ወተሃደራዊ ስልቲ ተጠቂሞም ፡ ካብ ህዝቦም እናተዓንገሉ ቃልሶም ጀመሩ ።

ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ሓድሽ ዓይነታዊ መቀይሮ ፈጠረ ። ምስግጋር ናብ ዝማዕበለ ፖሎቲካውን ብረታውን ቃልሲ መድረኽ ከእቱ ኣኽኣለ ። ናብቲ ኣዝዩ ዝሓየለ ህዝባዊ ቃልስን ህዝባዊ ሓይልን ንምስግጋር ዘኽኣለ ኣፍደገውን ከፈተ ። ዕምሩ ከንውሕ ዝደሊ መግዛእታዊ ስርዓት በቲ ሓደ ፡ ንዑኡ ዝጻረር ህዝባዊ ሓይሊ ከኣ በቲ ካልእ ብምኳን ፡ ናይ ክልቲኡ ኣሰላልፋ ሓይልታት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዓለምን ነጺሩ ክረኣ'ውን ከኣለ ። ኤርትራዊ ሃገራውነትን ወንን መሊሱ ሓየለ ። ሰውራ ኤርትራ ኣካል ናይቶም ብረት ኣልዒሎም ንፍትሒ ዝቃለሱ ናይ ዓለም ናይ ሓርነት ሓይልታት ክኸውን በቕዐ ። **ብዓቀንን ብዓይነትን ዝልክዑ ፡ ብኣውንታን ብኣሉታን ዝግለጹ ፡ ሓፋሽ ህዝብና ዋጋ ዝኸፈለሎምን ንቀጻሊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሂወት ዝሃቡን ውሽጣውያን ምዕባለታትን ጎንጽታትን ንኺጋሃዱን ዝተፈላለዩ ዝላታት ንኽራኣዩ እውን ባይታ ፈጠረ** ።

ስርዓት ኢትዮጵያ በንጻሩ ፡ ይሕጉዙኒ ዝብሎም ጎይቶት ኣብዘሐ ። ብራዕዲ ተዋሒጡ ፡ ባርዕ ሰውራ ከጥፍእ ክብል መሊሱ ኣብ እዝዩ ጽጉዕነት ናይ ዓለም ጎይቶቱ ጠሓለ ። ኣብ ዕጥቂ ፡ ስንቅን ወተሃደራዊ ንዋትን ምልማን ተነቒቱ ተረፈ ። ንዕንወት ናይ ዞባና ከኣ ቀንዲ ጠንቂ ኮነ ።

እዚ ብውሑድ ቁጽሪ ዝጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንጸላእቱ ክምክት ዘኽእል ውሽጣዊ ለውጥታትን ምምሕያሻትን ብምግባር ንኹሎም ሃገራውያን ዘሳተፈ ካብ ናይ ደባይ ኵናት ናብ ሓያል ህዝባዊ ሰራዊት ክቅየር ከኣለ ። ኣብ ከባቢና እውን ህዝባውያን ምንቅስቃሳት ንኽለዓላ ጽልዋታት ብምፍጣር ኣብ ረብሓታት ህዝብታት ዞባና ዓብዪ ኣበርክቶ ክገብር እውን በቒዐ ። ኣብ መጨረሻ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ንጸላእቱ ካብ ሃገሩ ጸሪጉ ምውጻእን ናጽነቱ ምጭባጥን ጥራይ ዘይኮነ ፡ ኣብ ሕምብርቲ ጸላእቱ ብምእታው ንገዛኢ ስርዓት ካብ ስሩ ከዓልዎን መራሕቱ ናብ ስደት ከምዘምርሑን ብምግባር ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ፍሉይ ኣብነትን ናይ ታሪኽ ጅግንነትን ክፍጽም ከኣለ ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንኹሎም ሰማእታት ኤርትራ

ዓወት ንሓፋሽ